# ካብ እንቋቑሖ ሓርገጽ ርግቢት ምጽባይ፡ ወይ ግርህነት ወይ ዕሽነት።

ብካሕሳይ ይሕደጎ ሃገር ጀርመን።

ዝኸበርክንን ዝኸበርኩምን ምዑታት ተቓለስቲ ህዝብታት ኤርትራ!!
ታሪኽ ህዝብታት ኤርትራ ከም ብዙሓት ህዝብታት ክፍሊ ዓለምና ብዝተፋላለየ ኣሰቓቕን ንምዝካሩ ዘስተንትንን ዘጕህን ታሪኽ ዝሓለፈን ዘሕልፍ ዘሎ ሕብረተሰብ ምኳኑ ግደፍዶ ንዓና ብሂወት ነስተማቕሮን ንሓልፎን ዘሎና መላእ ሕብረተሰብ ዓለምና ፈሊጥዎ ዝዛተየሉ ዘሎ ክትሽፍኖ ዘይትኽእል ዝለዓለ ጥርዚ በጺሑ ምህላዉ ናይ ዕዳጋ ምስጢር እዩ።

እዚ ክውንነት እዚ ኣብ ሕብረተሰብና ኣብ ልኡላዊት ሃገርና ብግብሪ ቅዝፈታት እንዳወረደ እንከሎ ኣብ ክንዲ ብሓደ ድምጺ ብሓደ ኣራኣእያ ሕጂ ሎሚ ዝፍጸም ዘሎ ጌጋታት ክንእርም ብዘለና ዓቕምን ክእለትን እንብገስ ኣብ ጉዕዞ ብረታዊ ቃልሲ ይኹን ቅድሚ ብረታዊ ቃልሲ ምጅማሩ ብኹሉ ወገናት ንዝተፈጸሙ ፍጻሜታት ናይ ድሕረትን ጽበትን ትምክሕትን ምትህልላኻት ኣልዒልካ ንዝነቐጸ ቊስሊ ንምርኻስን ንናይ እዋና ተሃዋሲ ናይ ቃልስን ዓወትን መድረኽ ንምዝራግ ብህግደፍን ሃሱሳቱ ዝኾኑ ወብ ሳይታት ከይኣኽለና ኣብ ደንበ ተቓውሞ ከም ዘልዉ ብምድንጋር ኮሓልቲ መሲሎም መንቆርቲ ከም መስከርም ዝኣምሰሉ መርበብ ሓበሬታት መሳርሒ ጸላኢ ካብ ዝኾኑ ዓመታት ሓሊፉ ኣሎ።

ወዮ ድኣ ህዝብና እቕረ ባሃላይን ረሳዓይን ኮይኑ እምበር፡ እንተ ድኣ ሕጂ ኣብ ዘለናዮ ናይ ሞትን ሕየትን ጽንኩር መድረኽ ከምዚ ንስኻን መርበብ ሓበሬታኻን ተሓባበርትኻን ንሃገርዊ ዋዕላ ንደሞክራስያዊ ለውጢ ንምዕንቃፍን ንምድንጓይን ህዝቢ ከይታኣማመንን
ክጣራጠርን እቲ ድሕሪ ነዊሕን ዝተሓላለኸ መሪር ቃልሲ ዝተጠርየ ምጽውዋርን ምክብባርን ንምዝራጉን ንምድማይ ኢልካ ዝነቐጸ ደም ከተተርክስ እተሳውሮ ዘልኻ ፈተነታት ረብሓ ንህዝብን ሃገርን እንተ ዝጠቅም ነይሩሞ ብመጀመርታን ቅድሚ ኩሉን  ምዉት ኣይትኽሰስ ዝብል ባህላውን ሃይማኖታውን ምስላ ጥሒስና ብሰንክኻ ነቦኻ ጀነራል ጎይተኦም መጋበርያ ንጉስ ሃይለስላስየን ፋሽሽታዊ ደርግን ኮይኑ ኣብ ሕብረተሰብ ኤርትራ ዘውረዶም ገበናት ዕሽሽ ኢልካ ዝሕለፉ ከም ዘይምኳምኖም ሕርሕራይ ጌርካ እትርደኦን እትፈልጦን ስለ ዝኾነ ክኽሰስ ምተገበአ።

ዝኸበርካ ወዲ ሃገር ኣለም ጎይትኦም ኣብ ታሪኽ ምጅማር ሰውራታት ዓለም ብፍጹምን ጽፉፍን ተጀሚሩ ዓወቱ ዘራጋገጸ ሰውራ ነይሩን ኣሎን ክብሃል ተሰሚዑን ተራእዩን ኣይፈልጥን እንተ ተባህለ ካብ ሓቂ ዝረሓቐ ኣይመስለንን። ዳርጋ ኩለን ብዓመጽን ድሕረትን ብዘይ ንጹር መድብ ዕዮን ስለ ዝጅምራ ከምዚ ኣብ ሰውራ ኤርትራ ዝተራእየ ሕጽረታት ክረአ እትቕበሎ ኮይኑ ዳርጋ ናህና እሞ ምስ ካልኦት ኣናጻጺርካ ካብ ዝነበርናዮ ኣተሃላልዋ ማለት፡ ብንጉስ ሃይለስላስየ ዝተማህዘን ዝተጻንዐን ንህዝቢ ኤርትራ ሕድሕዱ ክፋለስ ብእስራኤል ዝተዓለሙ ኮማንዶን ፖሊስን ናይ ኣቦኻ ቅተል መርሆን ናይ ዓሌትን ሃይማኖትን ምጽናት(Ethnic cleansing) ዝተፋታተኖ ሕብረተሰብን ሰውራን ክነሱ ብምዑታት ሰውራውያን መስዋእትን ዝይሕለል ቃልስን ናይ ሓባር ጸላኢ ብምልላይ ከም ህዝቢ ተጠርኒፉ ታሪኽ ዝሰርሐ ምኳኑ ዝዘንጋዕካ ትመስል።

ክቡር ሓው ኣቦኻ ካራ ጸላኢ ምስ ሃደነቶ እኮ እዚ እስኻ ሕጂ እተሳውሮን እተጓሃህሮን ዘለኻ ብቓልሲ ኣሪምዎን ሰጊርዎንሲ ናይ ትማሊ ታሪኹ ከይዘከረን ብዓልዚ ገበንን ኣበሳን ኢኻ ኢሉ ኣብ መርመራን ምጽብጻብን ከየእተወ ብኽብርን ስነ ስርዓትን ናብ ስደቱ ብሰላም ክሰጋገር ዝገበረ ናይ ትማሊ ሓቀኛ ተዘክሮን ናይ ሓባርና ታሪኽን ስለ ዝኾነ ብፍላይ እስኻ ነዚ ኣብ ልዕሊ ወላዲኻ ዝተፈጸመ ናይ እቕረ ውሳንየ ብምምጓስ ኣብ ክንዲ ዝነቐጸ ደም ከተተርክስ ብርዕኻ ምልዓልን ናብ መርበብ ሓበሬታኻ ዝተላእከ ንረብሓ ህዝብን ሃገርን ዘይጠቅምን ዘጋጩን በታኒ ናይ ህግደፍ ዘራጊ መልእኽትታት ምኳኑ እንዳ ፈለጥካ ከተቃናጅዎን ክትምልኣሉን ከሎኻ ሰብ ክዒቡ ራዛ ናይ ኣብኡ ሓዛ መጋበርያ ናይ ፈላሊኻ ግዛእ ከም ውርሻ ምሓዝካ ንረብሓኻን ንረብሓ ታሪኻዊ ኣታዓባብያኻን ዝሃሲ እንበር ዘረስዕን ዘዳዓዕስን ስለ ዘይኮነ  ንህዝብና ንበዓል ነጎዳስ ሓዊ ደብሶ ትኾኖ ምህላውካ ከዛኻኽረካ ይፈቱ።

እቲ ኣብ መርበብ ሓበረታኻ ዝስቀል  ዘሎ ትርጉም ኣልቦን ዘንባዕ ታሪኽ እንተ ኾነ ውን ታሪኽ ጀብሃ ብኣወንታ ይኹን ብኣሉታ ይገለጽ ብዘየገድሽ ናይ ኩልና እኩም ድምር ታሪኽ ስለ ዝኾነ ኣብ ታሪኽ ተመዝጊቡ ንመምሃሪ ሓድሽ ወለዶ መድረኹ ዝጽበ እንበር ኣብዚ ተሃዋሲ መድረኽ ደንበ ተቓውሞና

ህዝብን ሃገርን ንምድሓን ኣሎ ዝብሃል ጥንቃቐን ጥበብን ልቦናን ተጠቂሙ እኺን ምኺን ኣብ ዝባሃሃለሉ ዘሎ ህሞት ዘይተባህለን ዘይተገብረን ጠቒርካ ሞራል ንለውጢ ዝጽበ ተቓላሳይ ህዝብና ከተውድቕ እተካይዶ ዘሎኻ ፍሹል ፕሮፖጋንዳ ንቓልሲ ህዝቢ ዝያዳ ዘባራብርን ዘጣናኽርን ፈተውቱን ጸላእቱን ካብ ቶምኩሩኡ ብምምሃር ፈልዩ ንኸለሊ ዝሓገዞ ምዃኑ ክበርሃልካ መርበብ ሓበሬታኻ መስከርም ድማ ኣብ ቀረባ ዘቕቢባ ነበረት ከም ትኸውን ኣይትስሓት።

በትሪ ሓቅስ ትቐጥን እምበር ኣይትስበርን ከም ዝብሃል እቲ ብህዝቢ ተደጊፉ ብምዑታት ንመሰረታዊ ለውጢ ዝቃለሳ ፖለቲካዊ ውድባትን፡ በርገሳዊ ማሕበራትን፡ ለባማትን፡ ሓርበኛታትን፡ መራሕቲ ሃይማኖትን፡ ሞየኛታትን፡ መንእሰያትን፡ ደቂ ኣንስትዮን፡ ዘካተተ ኣብ መላእ ዓለም ሃገራዊ ዋዕላ ንደሞክራስያዊ ለውጢ ዝካየድ ዘሎ ሰፊሕ ወፍርታት ኣብ መዓልቱን ቦትኡን ተጋቢኡ ኣብ መፈጸምታ ከም ዝበጽሕ ርዱእ ኮይኑ ንህግደፍ ዓቢ ራዕዲ ከሕድረሉ ከሎ ንዓኻን ንመሰልተኻን ድማ ዓቢ ሕፍረትን ስክፍታን የሕዲሩ ንደላይ ደሞክራስያዊ ለውጥን ምዕባለን ራህዋን ሰላምን ቅሳነትን ዝጽበ ተቓላሳይ ህዝብና ግና ዓቢ ብስራት ምኻኑ በዚ ኣጋጣሚ ከራጋግጸልካ ይደሊ።

ዝኸበርካ ሓው ወዲ ጀነራል ከም ሰብ ንዝመስለካን እትኣምነሉን ብግልጺ ኣብ ቅርዓት መርገጽካ ብምንጻር ኣብ መርበብ ሓበሬታኻ ድላይካ ከተውርድ መሰልካ ምኻኑ ዘካትዕ ኣይኮነን፡ እንተኾነ ግና ኣብ ደንበ ተቓውሞ ኣለኹ እንዳበልካ መተካእታን መቐጸልታን ትቪ ኤረን መርበብ ሓበሬታ ህግደፍን ብምዃን ኣብ ህዝብና ዝወርድ ዘሎ ናይ እዋኑ ሽግርን ዓጸቦን ኣብ ግምት ዘየእቱን ብሰንጥቕ ንህዝብና ዝብትንን ዝፈላልን ኣነዋሪ ጠቕራታት ካበይ ይበገስ ብዘየገድስ ህዝብና ብንቕሓት ክቃለሶን ኣብ ሃገሩ እሱ ዝውንና  ደሞክራስያዊት ኤርትራ ኣብ ቀረባ ኣብ መቓብር ህግደፍ ከም እትትከል ህዝቢ ሓሪኑ ተበጊሱ ምህላዉ ኣይትዘንግዕ።

ክቡራንን ክቡራትን ኣብ ዝመጽእ ህዝባዊ መጸውዕታይ ክሳብ ንራኸብ ሰላም።

ህዝብና ተላዓል ቅልጽምካ ገትሮ!!
ሕጽረታትካ ኣርም ብንቕሓት መርምሮ!!
ንግፍዐኛ ስርዓት ኣእጋሩ ክንሰብሮ!!
ታሪኽ ወለድና ዳግም ከነዕቁሮ!!
ዝኽሪ ሰማእታትና ብሓባር ክንዘክሮ።
ክብርን ዝኽርን ንጀጋኑ ሰዉኣትና
17/06/10።